TIGRINJA

Härnösands kommun

# ናብ መዋእለ-ሕጻናት ብደሓን ምጹ



እዚ ምጅማር መዋእለ-ሕጻናት ናይ ውላድኩም ሓደ መሳጢ መድረኽ እዩ። ውላድኩም ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ዘሕልፈሉ እዋን፣ ውሑስን፣ ትምህርቲ ዝቐስመሉን ጽቡቕ እዋን ዘሕልፈሉን ክኸውን ኣለዎ። ንስኹም ወለድን ውላድኩምን ኣብ’ዚ ምሳና ጽቡቕ ከተሕልፉ ትስፍዋት ኢና!



# ኣብ ዓለም ካብ’ቶም ዝበለጹ መዋእለ-ሕጻናት

En förskola i världsklass

## እዞም ንኡስ-ዞባ ዝውንኖም መዋእለ-ሕጻናት ኣብ ዓለም ካብ’ቶም ዝበለጹ መዋእለ-ሕጽናት ክኾኑ እዩ ራኢና።

**ንሕና ኣብ’ዚ መዋእለ-ሕጻናት፤**

- ብፍልስፍና ኣመሃህራ ረጂዮ ኤሚልያ ተደሪኽና ኢና ንሰርሕ። እዚ ማለት ቈልዑ ከም ብቑዓትን ሓሳባቶም ክስምዑ ዘለዎም ኣገደስቲ ኣባላት ሕብረተሰብን ገይርና ኢና ንርእዮም። ኣብ መንጎ ቈልዑ ዘሎ ፍልልያት ድማ ከም ጸጋ ወይ ሃብቲ ኢና ኣብ ስራሕና ንርእዮ።

- ቈልዑ ብዘይካ ልሳናዊ ቋንቋ ካልኦት ብዙሓት ቋንቋታት ከማዕብሉ ንሕግዝ። ቈልዑ ከባቢኦም ኣብ ዝድህስስሉን ትምህርቲ ኣብ ዝቐስምሉን እዋን ዝጥቀምሎም ኣገባባታት ከም ስነ-ጽባቐኣውን ተደናጋጽነትን ከማዕብሉ ንሕግዞም። ዲጂታላዊ መሳርሕታት ከም ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ቋንቋ ስለ ንርእዮ፡ ቈልዑ ዲጂታላዊ ዓቕሞም ንኸማዕብልዎ ንሰርሕ።

- ብዙሕነት ከም ጸጋ ንርእዮ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ቋንቋ ምኽኣል ድማ ከም ሓይሊ ኢና ንወስዶ። ሽወደንኛ ዘይኮነ ካልእ ቋንቋ-ኣደ ዘለዎም ቈልዑ ቋንቋ ኣዴኦምን ሽወደንኛን ከማዕብልዎ ነጢፍና ንዓዪ።

- ናይ ሕቡራት-ሃገራት ውዕል መሰላት ቈልዑ ብምኽታል ነጢፍና ንሰርሕ።

# ውላድኩም መዋእለ-ሕጻናት ኣብ ዝጅምረሉ እዋን

När ditt barn börjar i förskolan

ውላድኩም መዋእለ-ሕጻናት ዝጅምረላ ቀዳመይቲ መዓልቲ፡ወላድን ቈልዓን ንመጀመርያ ግዜ ካብ ንሓድሕዶም ዝፈላለይሉ እለት ስለ ዝኾነት ብርቱዕ ስምዒት ክፈጥረልኩም ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ መተኣታተዊ ትምህርቲ ዘድሊ። ኣብ'ዚ መተኣታተዊ ትምህርቲ ሕቶታት ክትሓቱና፡ ውላድኩም እንታይ ከም ዘድልዮ ክትነግሩና ትኽእሉ። ነቲ መዋእለ-ሕጻናት ድማ ሓቢርኩም ምስ ውላድኩም ክትድህስሱን ምስ ኣባላትን መዋእለ-ሕጽናትን ሓደስቲ መሓዙት ውላድኩም ክትፋለጡ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ይኸውን።

# መተኣታተዊ ትምህርቲ

Inskolning

ኣብ መዋእለ-ሕጽናት ንጥቀመሉ መተኣታተዊ ትምህርቲ፡ንጥፈት ወለዲ ዘተባብዕ ኣገባብ እዩ። እዚ ማለት እቲ ወላዲ ወይ ነቲ ቈልዓ ኣጥቢቑ ዝፈልጦ ሰብ ኣብ'ቲ ዝካየድ ምህሮን ስሩዓት መደባትን ምስ'ቲ ቈልዓ ሓቢሩ ይነጥፍ። ኣብ'ዘን ናይ መተኣታተዊ መዓልትታት ተሳታፍነት ናይ'ቲ ወላዲ ወይ ሓቢሩ ዝነጥፍ ዘሎ ሰብ ዓብይ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። እቲ ወላዲ ነቲ ቈልዓ ጸወን ወይ ውሕስነት ይኾኖ። ንሕና ኣባላት ድማ ምስ'ቲ ቈልዓ ዝምድናታት ክንፈጥር ጽቡቕ ኣጋጣሚ ንረክብ።

ውላድኩም ሓቢሩ ምሳኹም ነዚ ሓድሽ ቦታን ንዓና መማህራንን ነቶም ኣብ'ቲ መዋእለ-ሕጽናት ዘለዉ ካልኦት ቈልዑን ቀስ ብቐስ ክላለየና ይኽእል። ንስኹም ወለድ'ውን ነቲ ነካይዶ ትምህርቲን ንዓና ኣባላትን ኣብ'ታ ጕጅለ ዘለዉ ቈልዑን ትፋለጡ። መተኣታተዊ ትምህርቲ ዝወስደሉ ግዜ ዝውስን ኲነታት ናይ'ቲ ቈልዓ እዩ። ኣስታት ሓደ ሰሙን ክወስድ ይኽእል እዩ ኢልኩም ሕሰብዎ። ኣብ'ዚ እዋን እቲ ወላዲ ኣብ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ሓቢሩ ምሳና ክህሉ ኣለዎ።

ኣብ እዋን መተኣታተዊ ትምህርቲ ምሳኹም ውሑስ ዝኾነ ዝምድና ንኽህሉ በዚ ኣገባብ ንዓዪ፤

- ኣብ እዋን መተኣታተዊ ትምህርቲ ንውላድኩም ባዕልኹም ትኣልይዎ። ፓምፐር ትቕይሩሉ፡ ክዳን ትኸድንዎ ወይ ተውጽእሉ ወዘተ

- እተን መማህራን ኣብ ከባቢኹም ስለ ዘለዋ፡ኲነታት ምስ ዝፈቕድ ርክባት ይፈጥራ።

- ኣብ መተኣታተዊ ትምህርቲ እቲ ቈልዓ ምሳና ውሑስ ኮይኑ ክሳብ ዝስመዖ ኲሉ ሳዕ ምሳና ኣለኹም። ቈልዓ ንኽለማመድ ገዲፍካዮ ምኻድ ኣየድልን እዩ እንታይ'ደኣ ምሳና ሓቢሩ ምኺን ኢና ነለማምዶ።

- ድሕሪኡ ቈልዓ ሓዲግካዮ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ምኻድ ሓቢርና ንውስን።

# እዋን መኣዲ - ሓደ ኣካል ናይ'ቲ ትምህርቲ

Måltiden – en del av lärandet

ኣብ መዋእለ-ሕጻናት እዋን መኣዲ ሓደ ክፋል ናይ'ቲ ሓልዮት ክንክንን ትምህርታዊ ንጥፈትን እዩ። ብመሰረት እቲ ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሕጽናት ዝጸንሓሉ ሰዓታት፡ ቁርሲ፡ ፍሩታታት፡ ምሳሕ፡ ጣዕመት ኣብ ውሱናት ግዜታት ይቐረብ። ውላድኩም ፍሉይ መግቢ የድልዮ ድዩ? ዘድልዮ እንተ ኾይኑ ኣብ ኢንተርነታዊ ኣገልግሎት
www.harnosand.se ኣቲኹም ከተመልክቱ ኣለኩም።




## መዋእለ-ሕጻናት ዝኽፈተሉ ሰዓታት

Förskolornas öppettider

ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ሰዓት 06:30 ንኸፍት ሰዓት 18:30 ድማ ንዓጹ። መዋእለ-ሕጻናትና ዝኽፈትሉ ሰዓታት ምስ'ቲ ቈልዑ ዝግደፍሉ መደብ ሰዓታት(ሼማ) ዝተሳነየ ኮይኑ ምስ ኩነታት ቈልዓን ጉጅለን እዉን ይሳነ እዩ። እቲ መደብ ሰዓታት (ኣብ ውሽጢ 06:30-18:30) ክቕየረልኩም እንተ ደሊኹም፡ ኣቐዲምኩም ብውሕዱ ቅድሚ 14 መዓልታታት ለውጢ ቅድሚ ምፍጻሙ ምስተን መማህራን ክትዛረቡ ኣለኩም። ካብ'ዞም ሰዓታት ወጻኢ ቈልዓ ምእላይ ምስ ዘድልየኩም ድማ ኣብ'ቲ ናቲስ ዝበሃል ናይ ንኡስ-ዞባ ተመልከቱ።

ኣብ'ቲ መደብ ሰዓታት ግዝያዊ ምልውዋጥ ክትገብሩ እንተ ደሊኹም ኣብ መድረኽ-ትምህርቲ (lärplattformen) ናይ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ኣቲኹም ሓብሩ።

## ቈልዓ ምብጻሕን ምውሳድን

Lämna och hämta

- ነቲ ቈልዓ ብመሰረት መደብ ሰዓታት(ሼማ) ከተምጽዎን ክትወስድዎን ኣለኩም። ነቲ ቈልዓ ከተምጽዎን ክትወስድዎን ከለኹም ኩሉ ግዜ ነተን ኣባላት መዋእለ-ሕጻናት ክትሕብርወን ኣገዳሲ እዩ።
- ነቲ ቈልዓ ዝወስዶ ካልእ ሰብ እንተኾይኑ ኩሉ ግዜ ነቲ መዋእል-ሕጻናት ክትሕብርዎ ኣለኩም።

# መደብ ሰዓታት ቈልዓ ኣብ’ቲ መድረኽ-ትምህርቲ (ለርፕላትፎርም) ኣስፍርዎ

Lägg in barnets schema i lärplattformen



መደብ ሰዓታትን(ሼማን) ብኩሪት ውላድኩምን ከም ኡ’ውን ካብ መዋእለ-ሕጻናት ሓበሬታ ትረኽብዎ በቲ መድረኽ-ትምህርቲ(ለር-ፕላትፎርመን) እዩ።

ኣድላዪ ምስ ዝኸውን መራሕቲ መዋእለ-ሕጻናት ንኹሎም ወለዲ ዝምልከት ሓበሬታ በቲ መድረኽ-ትምህርቲ ገይረን ከማሓላልፎኦ ይኽእላ እየን።

ነቲ መደብ ሰዓታት ክትቕይርዎን ነቲ ንቡር ሰዓታት ከተናውሕዎን ምስ ትደልዩ ኣቐዲምኩም እንተ ወሓደ ቅድሚ 14 መዓልታት ነተን ኣባላት መዋእለ-ሕጻናት ክትሕብርወን ኣለኩም።

## ብኩሪት

Frånvarande

ውላድኩም ሓንቲ መዓልቲ ቦኺሩ ኣብ ገዛ ክተርፍ እንተኾይኑ ንኽንምድብ መታን ደንጉዩ እንተ ተባህለ ሰዓት 08.00 ናይ ንግሆ ክትሕብሩና ኣለኩም። ኣብ’ቲ መድረኽ-ትምህርቲ ኣቲኹም እቲ ቈልዓ ከም ዝበኩር ትሕብሩ ወይ ድማ ተሌፎን ደዊልኩም ትሕብሩና። እቲ ቈልዓ ብኩሪቱ ወዲኡ ናብ መዋእለ-ሕጻናት ክምለስ እንተኾይኑ ድማ እንተ ተኻኢሉ ኣብ ድሮ እታ መዓልቲ ደዊልኩም እንተ ሓበርኩምና ጽቡቕ እዩ።

እቲ ቡኩሪት ከይሓበርኩምና ሓደ ወርሒ ወይ ልዕሊኡ እንተ ሓሊፉ እቲ ቦታ መዋእለ-ሕጻናት ከም ዝለቐቕክሞ ኢና ንወስዶ።

## ጽልዋ ወለዲ

Föräldrainflytande

- ናይ መተኣታተዊ ትምህርቲ ዝርርብ፡ ድሕሪ እቲ መተኣታተዊ ድማ ናይ ምክትታል ዝርርብ ከምኡ’ውን ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዕብየታዊ ዝርርብ ነካይድ ኢና።
- መዓልቲ መዓልቲ ቈልዓ ከተምጹኡን ክትወስዱን ከለኹም እዉን ብዛዕባ ኩነታት ቈልዓ ክንዘራረብ ዕድል ኣለና።
- ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ኣኼባ ወለዲ ንጽውዕ ኢና።
- እተን መዋእለ-ሕጻናት ሽማግለ ወለዲ ኣለወን። በዚ ሽማግለ ገይርኩም ኣብ’ቲ መዋእለ-ሕጻናት ለውጥታት ንኽህሉ ጽልዋ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
- እቲ ቈልዓ እንታይ ቛንቋታት ከም ዘጋጥምዎ ምሳኻትኩም ሓቢርና ዳህሳስ ነካይድ ኢና። ነዚ ዳህሳስ ዓመት ዓመት ምክትታል ንገብረሉ ኢና።

# ሓፈሻዊ መዋእለ-ሕጻናት
Allmän förskola

ሓፈሻዊ መዋእለ-ሕጻናት ካብ ክፍሊት ነጻ'ዩ። ቈልዓ 3 ዓመት ካብ ዝመልኣላ ቀውዒ ጀሚሩ መዋእለ-ሕጻናት ክመሃሩ መሰል ኣለዎ። ኣብ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ዝጸንሓለን ሰዓታት ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ 8:30-13:30 ኮይኑ ቀዳመ-ሰንበት ዕረፍቲ እዩ። ኣብ እዋን ዕረፍቲ ሓፈሻዊ መዋእለ-ሕጻናት የለን። ነቲ ወቕቲ ትምህርቲ ናይ መባእታዊ ቤ/ት ኢና ንኽተሎ። እዚ ወቕቲ ትምህርቲ ኣብ www.harnosand.se ኣሎ።



# ውላድኩም ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ክህሉ ዝፍቀደሉ መዓስ'ዩ?
När kan ditt barn vara i förskolan?

- እቲ ቀንዲ መምርሒ ወላዲ ኣብ ዕረፍቲ እንተሎ ቈልዓ ድማ የዕርፍ። ኣብ እዋን ዓመታዊ ዕረፍትኹም ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ከተምጽዎ ኣይከኣልን እዩ።

- ወላዲ ስራሕ ወይ ትምርህቲ ኣብ ዘለዎ፡ ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ክኸውን መሰል ኣለዎ።

- እቲ ወላዲ፡ ዕረፍቲ ናይ ቈልዓ ወሲዱ እንተሎ ወይ ደላዩ ስራሕ እንተኾይኑ፡ እቲ ቈልዓ ክሳብ 15 ሰዓታት ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ክመሃር ይኽእል እዩ። እዘን 15 ሰዓታት ካብ'ታ ቈልዓ 3 ዓመት ዝመልኣላ ቀውዒ ጀሚሩ ካብ ክፍሊት ነጻ ኮይኑ ቈልዑ ካብ 1 ክሳብ 3 ዝዓመቶም ግን ክፍሊት ይኸፍሉ እዮም። እቲ ሰዓታት ድማ ካብ ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ 8.30-13.30 እዩ። ነቲ ናይ መባእታዊ ቤ/ት ወቕቲ ትምህርቲ ኢና ንኽተል።

- እቲ ወላዲ፡ዕረፍቲ ናይ ቈልዓ ወሲዱ እንተሎ ወይ ደላዩ ስራሕ እንተኾይኑ፡ገንዘብ ምስ ዝኸፍል፡ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ነቲ ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሓጽናት ክገድፎ ይኽእል እዩ።እቲ ቈልዓ ካብ 1 ክሳብ 3 ዝዓመቱ እንተኾይኑ እቲ ትኸፍልዎ ክፍሊት ካብ'ቲ ክፍሊት ናይ'ቲ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ዝመረጸ ወላዲ ንላዕሊ ይኸውን። ነዚ ምርጫ ኣብ ኢንተርነታዊ ኣገልግሎት ኣቲኹም ተመልክትዎ። ኣብ እዋን ዕረፍቲ ዘለዉ ሰዓታት ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ 8.30-13.30 እዮም። ኣብ እዋን ሓምለ ግን ዕጽው እዩ።

- እቲ ወላዲ ዕረፍቲ ናይ ቈልዓ ዝወሰደ ወይ ደላዩ ስራሕ እንተኾይኑ ውላዱ ኣብ እዋን ዕረፍቲ 15 ሰዓታት ክመሃር ገንዘብ እኳ እንተኸፈለ፡ ኣብ ዓመታዊ ዕረፍቲ ምስ ዝህሉ ግን ኣብ ወርሒ ሓምለ ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ክገድፍ ኣይክእልን። ቈልዓ ኣብ እዋን ዕረፍቲ መዋእለ-ሕጻናት ክመሃረልካ ምስ መረጽካ ነዚ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ክትቕይሮ ኣይከኣልን እዩ። ወርሒ-ወርሒ ክፍሊት ክትኸፍል መኸፈሊ ወረቐት ይለኣኸልካ።

- ሓታቲ ዑቕባ ምስ ትኸውን ዕረፍቲ ኣብ ዘይብልካ እዋን ውላድካ ብነጻ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ክመሃር ይፍቀደሉ እዩ። እቲ ትምህርቲ ቈልዓ 3 ዓመት ካብ ዝመልኣላ ቀውዒ ዝጅምር ኮይኑ ካብ ሰሉስ ክሳብ ሓሙስ ኣብ ሰዓታት 8.30-13.30 ድማ ይካየድ።

ኣድላዪ ምስ ዝኸውን እቲ መዋእለ-ሕጻናት ነቲ ወላዲ ካብ ኣስራሒ፡ ኣዳላዊ ትምህርቲ ወይ መድህን ስራሕ-ኣልቦነት (ኦ-ካሳ) መረጋገጺ ወረቐት ከምጽእ ክሓቶ ይኽእል እዩ።

ኣብ ዕብየቶም ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ቈልዑን ብሰንኪ ኲነታት ስድራቤት ፍሉይ ድሌታት ዘለዎም ቈልዑን፡ ከም’ቲ ኣድላይነቱ እቲ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ዘድልዮም ደገፍ ክወሃቦም ይኽእሉ እዮ።

### መዓልትታት ምውጻእ መደባትን ኣስተምህሮን መማህራን
Planerings-och fortbildningsdagar

ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ስራሕተኛታት ዓቕምታቶም ብሓባር ንኸማዕብሉ ንውደባን ኣስተምህሮን ዝኾና ኣርባዕተ መዓልትታት ኣለዎኦም። ኣብ’ዘን መዓልትታት እቲ ወላዲ ዕረፍቲ ክወስድ እንተ ዘይክኢሉ እቲ ቈልዓ መዋእለ-ሕጻናት ክመጽእ ይኽእል እዩ። ኣብ’ቲ እዋን ግን ግዝያውያን ስራሕተኛታት እዮም ዘለዉ። ዝተፈላለያ ኣሃዱታት መዋእለ-ሕጻናት ንፕፈታተን ብሓባር ከወሃህደኦ ይኽእላ እየን። ኣብ’ዚ እዋን ቦታ መዋእለ-ሕጻናት እንተ ኣድልዩኩም፡ ብውሕዱ ቅድሚ 14 መዓልታታት ክትሕብሩና ኣለኩም።

### ዓመታዊ ዕረፍቲ ወላድን ወርሒ ሓምለን
Vårdnadshavares semester och juli månad

ኣብ እዋን ዓመታዊ ዕረፍትን ኣብ ነዊሕ ዕረፍቲ በዓላትን ብዙሓት ኣሃዱታት መዋእለ-ሕጻናት ንፕፈታተን ብሓባር ከወሃህደኦ ይኽእላ እየን። ወላዲ ኣብ ዕረፍቲ ምስ ዝህሉ ቈልዓ ድማ ከዕርፍ ኣለዎ። ምስ ርእሰ-መምህራን ምስ ትመያየጡ ግን ፍሉይ ሓለፋ ክግበር ይከኣል’ዩ። ኣብ ወርሒ ሓምለ ግን ኣይከኣልን እዩ። እዚ ሓለፋ ነፍሲ-ወከፍ ወላዲ ኣብ ዓመት ሓሙሽተ መዓልታት ይፍቀዳሉ።

ቦታ መዋእለ-ሕጻናት ኣብ እዋን ሓምለ ዝፍቀድ ነቶም ኣብ’ዚ እዋን ኣብ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ዝርከቡ ወለዲ ጥራሕ እዩ። ኣብ’ዚ እዋን እቲ ወላዲ ካብ ቤት ትምህርቱ ወይ ካብ ኣስራሒኡ መረጋገጺ ወረቐት ግድን ከምጽእ ኣለዎ። ደላዪ ስራሕ ግን ኣብ ሓምለ ውላዱ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ቦታ ክወሃቦ ከመልክት ኣይክእል እዩ። ስራሕ ወይ ትምህርቲ እንተ ጀሚሩ ግን ነቲ ቈልዓ ኣብ’ቲ መዋእለ-ሕጻናት ቦታ ይወሃቦ።

## ክፍሊት
Avgift

ወርሒ ወርሒ ናይ መዋእለ-ሕጻናት ክፍሊት ክትኸፍሉ ኣለኩም። ነዚ ትኸፍልዎ ገንዘብ ብዝሒ ዝውስን ደሞዝኩም ኮይኑ፡ እቲ ዝለዓለ ክፍሊት ግን ካብ’ቲ ሓገራዊ መለክዒ(ማክስ ታክሳ) ክሓልፍ የብሉን። ኣታዊኹም ምስ ዘይተመልክቱ ግን ነዚ ማክስ-ታክሳ ኢኹም ትኸፍልዎ።

## ምልቃቕ ቦታ መዋእለ-ሕጻናት
Uppsägning

ቈልዓ እቲ ዝተዋህቦ ቦታ መዋእለ-ሕጻናት ክገድፎ እንተኾይኑ፡ ብውሕዱ ቅድሚ 2 ወርሒ ነቲ ቦታ ከም ዝገድፎ ክሕበር ኣለዎ። ኣብ እዋን ምልቃቕ ቦታ መዋእለ-ሕጻናት፡ እቲ ቈልዓ ነቲ ቦታ ወላ ኣይጠቀመሉ፡ ነኽፍለኩም ኢና። ናይ’ቶም ኣዚለ ክፍሊ ዝጀምሩ ቈልዑ እቲ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ዘለዎም ቦታ፡ ወላዲ ኣቐዲሙ ነቲ ቦታ እንተ ዘይገዲፍዎ፡ እቲ ቦታ ካብ ዕለት 1 ሓምለ ጀሚሩ የብቅዕ። ድሕሪ 1 ሓምለ ነቲ ቈልዓ መእለዩ ቦታ ምስ ዘድልየኩም፡ ኢንተርነታዊ ኣገልግሎት ተጠቂምኩም ኣብ ንፕፈታት ድሕረ-ትምህርቲ(ፍሪቲስ) ቦታ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

# ሕማማት

Sjukdomar

ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ክህልዉ ይፍቀደሎን ኣይፍቀደሎን ዝውስን ሓፈሻዊ ኲነታት ጥዕና ናይ’ቲ ቈልዓ እዩ። ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ዘለዉ ንጥፈታት ኣዝዮም ኣህለኽቲ ስለ ዝኾኑ ቈልዓ ካብ ኣብ ገዛ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ዝያዳ ሓይሊ ክህልዎ ትጽቢት ይግበረሉ።



ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ክትገድፍዎ ከለኹም ኣብ ትምህርቲ ዓቕሚ መታን ክህልዎ ምሉእ ጥዕናን ሓይልን ክህልዎ የድሊ። ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ዘይሓመመ ቈልዓ ምስ ዘይሓመሙ ጥዑያት ቈልዑ ክራኸብ ስለ ዘለዎ። ለብዒ ንኸይመሓላለፉ ኲላትና ክንተሓጋገዝ ኣለና።

እቲ ቈልዓ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ከሎ ምስ ዝሓምም ነቲ ወላዲ ንድውለሉ ኢና። እቲ ወላዲ ድማ መጺኡ ነቲ ቈልዓ ክወስዶ ኣለዎ። ቈልዓ ትምርህቱ ንኽመሃር ምሉእ ጥዕና ኣለዎ ድዩ የብሉን ዝውስና ኣባላት መዋእለ-ሕጻናት እየን።

## ቅርጻት ወይ ረኽሲ ከብዲ

Magsjuka

ምልክት-ሕማም ድሕሪ ምብቅዑ፡ እቲ ቈልዓ ብውሕዱ 48 ሰዓታት ተወሳኺ ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ። ሸውሃት መግቢ ናይ’ቲ ቈልዓ ምስ ዘይምለስ እዉን ከም ምልክት-ሕማም እዩ ዝሕሰብ። ኣሓት ናይ’ቲ ቈልዓ ቅርጻት/ረኽሲ ከብዲ ምስ ዝህልዎም እዉን እቲ ቈልዓ ኣብ ገዛ ክትረፍ እዩ ምኽትና።

## ረስኒ

Feber

እቲ ቈልዓ ካብ ረስኒ ነጻ ምስ ኮነ፡ መዋእለ-ሕጻናት ቅድሚ ምምላሱ ብውሕዱ ንሓንቲ መዓልቲ ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ።

## ነድሪ ዓይኒ

Ögoninflammation

እቲ ቈልዓ ጌና ዓይኑ ቍልዕን ረኽስን ምስ ዝህልዎ ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ።

## መድሃኒት

Medicin

ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ብዘይካ እቶም ዝተሰማማዕናሎም መድሃኒታት ንኣብነት ናይ ኣዝማን ኣለርጂን መድሃኒታት ኣብ ህጹጽ ኲነታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ንቈልዑ መድሃኒት ኣይንህብን ኢና።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ 1177.se ተመልከቱ።

# ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ዘድልዩ ክዳውንቲ

Kläder på förskolan

ቈልዑ ደገ ሒዝናዮም ስለ ንወጽእ፣ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ሒዝክሞም ክትመጹ ንደልዮም ክዳውንቲ ኣብ'ዚ ታሕቲ ዘርዚርናዮም ኣለና። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክዳን ናይ ውላድኩም ስሙ ጽሒፍኩም ኣመልክትሉ።


| ኣብ ቀውዕን ጽድያን | ኣብ ሓጋይ(ዊንተር) | ኣብ ክረምቲ(ሳመር) |
|---|---|---|
| ፎደራ ዘለዎ ስቲቫሎኒ | ፎደራ ዘለዎ ናይ ሓጋይ ስቲቫሎኒ | መጕየዪ ጫማ |
| ረቒቕ ቈብዕ | ዘሙቕ ቈብዕ | ናይ ጸሓይ ቈብዕ ወይ ባርኔጣ |
| ረቂቕ ጓንቲ | 2 ሓባ ዘሙቓ ጓንቲ | ፎደራ ዘይብሉ ስቲቫሎኒ |
| ፎደራ ዘለዎ ጓንቲ | ሻርብ | ሓጺርን ነዊሕን ዝኢዱ ማልያ |
| ፍሊስ ዝኾነ ክዳን | ኮምብላሴኒ | መኸላኸሊ ጸሓይ ክሬም |
| ናይ ዝናም ክዳን እንተ ተኻኢሉ ፎደራ ዘለዎ | ሮጕድ ካልሲ | ናይ ዝናም ልብሲ |
| ናይ ላዕሊ ስረ | ዘሙቕ ጎልፎ ወይ ማልያ | ረቂቕ ጃካ |
| ካብ ማይ ዝከላኸልን ዘስተፍስን ጃካ(ስካል ጃካ) | | |

ውላድኩም ኣብ መዋኣለ-ሕጻናት ዘድልይዎ መተካእታ ክዳውንቲ

| | |
|---|---|
| 2 ሓባ | ነዊሕ ዝኢዱ ማልያ |
| 2 ሓባ | ሓጺር ዝኢዱ ማልያ |
| 3 ሓባ | ስረ |

| | |
|---|---|
| 3 ሓባ | ካልሲ |
| 3 ሓባ | ሞታንቲ ነቶም ፓምፐር ንዘይጥቀሙ ቈልዑ |









# ክፍለጥ ዘለዎ

Bra att veta

- ንውላድኩም ኣብ’ዚ ፓምፐር ሒዝክምሉ ክትመጹ ኣየድልን እዩ። እቲ ቈልዓ ኣብ’ዚ መዋእለ-ሕጻናት ክሳብ ዘሎ፡ ኣብ’ዚ ፓምፐር ኣለና።
- ኣብ’ዚ መዋእለ-ሕጻናት ምዝጉባት ዝኾኑ ቈልዑ መድህን ሓደጋ ኣለዎም። ኣብ መካነ-መርበብ ናይ’ቲ ንኡስ-ዞባ መድህን ሓደጋ ዝምልከት ሓበሬታ ኣለኩም።
- እቲ ቈልዓ ኣብ’ዚ መዋእለ-ሕጻናት ሰናይ ምጅማር ንኽህልዎ፡ ቅድሚ’ቲ መተኣታተዊ ትምህርቲ ምጅማሩ ፈሳሲ ዘይኮኑ መግብታት ተለማሚዱ ክጸንሕ የድሊ።
- ኣብ’ዚ መዋእለ-ሕጻናት ልደት ቈልዑ ብመዝሙርን ጽውጽዋያትን ዝኣመሰሉ ገይርና ነብዕሎን ንዝክሮን ኢና። ብዝብላዕ ገይርና ግን ኣይነብዕሎን ኢና።
- ብዝተኻእለ ቈልዑ ዝወስድዎ ሽኮራዊ ነገር ክንቅንሶ ኢና ንጽዕር። ኣብ ገለ እዋናት ግን ንኣብነት ኣብ በዓላት ወይ ፌስታታት ከም ጀላተ ዝኣመሰሉ ነዳልወሉ እዋን ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ቈልዓ ብፍጹም ሽኮራዊ ዝኾነ መግቢ ክለክፍ እንተ ዘይብሉ ግን ነተን ኣባላት መዋእለ-ሕጻናት ተወከስወን።
- ሽኮራዊ ወይ ካልእ ዝብላዕ ዓይነት መግቢ ናብ መዋእለ-ሕጻናት ሒዝካ ክምጻእ የብሉን።
- ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ብሰንኪ ኣለርጂ ካዕካዕ፡ፉል፡ለውዝን ፍረ ሰሊጥን ወይ ገለ ንጣር ካዕካዕ ዘለዎም መግብታት ኣይነዳልውን ኢና።

# ናይ ምምልካት ግዴታ

Anmälningsskyldighet

ብመሰረት ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምዕራፍ 14 ዓንቀጽ 1፥ ኩሎም ኣባላት መዋእለ-ሕጻናት ናይ ምምልካት ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት እንድሕር ሓደ ቈልዓ ጽቡቕ ኣይእለን ኣሎ ወይ ሕማቕ ይወርዶ ኣሎ ዝብል ጥርጠራ ወይ ስክፍታ እንተሎ፥ እቶም ኣባላት መዋእለ-ሕጻናት ከመልክቱ ግዴታ ኣለዎም።ከም’ዚ ዝግበር ንረብሓ እቲ ቈልዓን ወለድን ኮይኑ፥በዚ እቲ ስድራቤት ዘድልዮ ሓገዝን ኽረክብ ይኽእል። እቲ ስክፍታ ምኽንያታዊ ድዩ ኣይኮነን ምምርማር ዕዮ ናይ’ቲ መዋእለ-ሕጻናት ዘይኮነ ዕዮ ናይ ቤ/ጽ ማሕበራዊ ኣገልግሎት(እንዳ ሶሻል) እዩ።

# ምስታር ምስጢር

Sekretess

ብመሰረት ሕጊ ቅሉዕነትን ምስታር ምስጢር ምዕራፍ 23 ዓንቀጽ 1፥እቲ ምስታር ምስጢር ነቲ መዋእለ-ሕጻናት ይምልከቶ እዩ። ዝኾነ ይኹን ኣባል መዋእለ-ሕጻናት ብዛዕባ ናይ ካልኦት ሰባት ውልቃውያን ጉዳያት ክዛረብ ፍቑድ ኣይኮነን ክሳብ እቲ ሓበሬታ ነቲ ውልቀሰብ ወይ ቀሪብ ናቱ  ከም ዘይጎድእ ዝረጋገጽ።

# ምቕጻዕ ቈልዓ - ኣካላዊ ይኹን ስነ-ኣእምራዊ ምቕጻዕ ቈልዓ ሕጋዊ ኣይኮነን

Aga – fysiskt/psykiskt våld är olagligt

ጎነጽ ምጥቃም ፍቑድ ኣይኮነን ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ስድራቤት ጎነጽ ምፍጻም ኣዝዩ ዕቱብ እዩ። ጎነጽ ክበሃል ከሎ ኣብ ልዕሊ ቈልዓ፥ በዓልቲ-ቤት ወይ በዓል-ቤት ወይ መጻምድቲ ዝቐንዐ ክኸውን ይኽእል እዩ።ንሓደ ሰብ ምድፋእ፥ ምቕላዕ ወይ ኣብ ገጹ ምጽፋዕ ኣብነታት ጎነጽ እዮም። ሰብ ምፍርራሕን ስምዒት ሰብ ምህሳይን’ውን ከም ገበን ክሕሰቡ ይኽእሉ እዮም።

# መሪሕ ሰነድ፤ ሕጊ ትምህርትን ካሪክለምን (Lpfö-18)

Styrdokumenten: Skollag och Läroplan (Lpfö-18)

ሕጊ ቤት ትምህርቲ ቈልዓን ወላድን እንታይ ዓይነት መሰላትን ግቡኣትን ከም ዘለዎም ይቈጻጸር። እቲ ካሪክለም ድማ መዋእለ-ሕጻናት ዝምረሓሎም መሰረታውያን ክብርታት ይገልጽን እቶም ቈልዑ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ኣብ ዝኸድሉ እዋን እንታይ ዓይነት ትምህርቲ መሰለ ከም ዘለዎም የብርህ።

ኩለን መዋእለ-ሕጻናት ነዚ መሪሐ ሰነድ ክስዕበኦ ኣለወን። መዋእለ-ሕጻናት ወለንታዊ ዓይነት ትምህርቲ ስለ ዝኾነ ቈልዓ ኣብኡ ክኸይድ ኣይግደድን እዩ። ቈልዑ ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ከይዶም ትምህርቲ ክቕስሙን ወላዲ ኣብ ዝሰርሓሉ ወይ ዝመሃረሉ እዋን ድማ ምክትታትል ክግበረሎም መሰል ኣለዎም።



ንስኹምን ውላድኩምን ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ብደሓን ክትመጹ ሰናይ ትምኒትና እዩ።

## ክንራኸብ ከኣ ብሃንቀውታ ንጽበ!

Härnösands kommun